# ሄፓቲት C(Hepatitis C) ሎሚ ከነሕውዮ ንኽእል ኢና

**Version tigrinya**



ሄፓቲት C ( Hepatitis C) ሓደ ቫይረስ ኮይኑ ንጸላም
ከብዱኹም ዘጥቅዕ እዩ፣ ጸላም ከብዲ ሓደ ኣግዳሲ
ኣካል ናይ ነብስና እያ፣
እንተ ሓሚማ፣ ብትኽክል ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ።

መብዛሕቲኡ ግዜ ፣ ቅሩብ እዩ ዝስማዓኩም ወይ ዉን
ምልክት ሕማም የብሉን ፣ ግን ቀልጢፋ እንተዘይ
ተሓኪማ ፣ እዚ ሕማም
ከቢድ ሳዕቤን ከምጽኣልኩም ይክእል አዩ ኣብ
ጥዕናኹም ።




ሄፓቲት C ብምትንኻፍ ናይ ደም ይመሓላለፍ። እቲ
ቫይረስ ብዝኾነ ከፋት ናይ ነብስና ክሰጋገር
ይኽእል ከም ናይ መርፍእ
ዝተወጋእናሉ ወይ ርክብ ኣብ እንገብረሉ ብ
መስመራት ናይ ደም ክመሓላለፍ ይኽእል።'




ተለከፍቲ ንኽይትኾኑ፣ ካብ ምጥቃም ( ጽሩይ
ዘይኮነ ንብረት ፣ ዘይናትኩም መወቀጢ፣
መርፍእ(ሓሺሽ)፣ ብዘይ መከላኸሊ
ርክብ ምፍጻም) ወዘተ ኣወግዱ ።




ንነብስኩም ንምክልኻል ፣ ናትኩም ንብረት ወይ ሓዱሽ
ንብረት ተጠቀሙ፣ መከላኸሊ ምጥቃም ኣብ ግዜ
ጾታዊ ርክብ ብፍላይ
ብመሃንቱስ።




ብኻልእ ወገን ድማ ብዘይ ሓደጋ ብሓባር
ክትነብሩ ወይ ንሓደ ሰብ ክትስዕሙ፡ ኢድኩም
ክትጭብጡ ወይ ድማ ብርጭቆ ማይኩም
ወይ መግብኹም ክትካፈሉ ትኽእሉ ኢኹም።

Projet réalisé avec le soutien
du Fonds Dr. Daniël De Conink,
géré par la Fondation Roi Baudouin
© 2024 - Tous droits de reproduction réservés The InkLink et I.Care/C. Fourcade

# ሄፓቲት C(Hepatitis C) ሎሚ ከነሕውዮ ንኽእል ኢና

**Version tigrinya**



ሓሚምካ እንተኾንካ ንምፍላጥ፡ መርመራ ክትገብር ኣለካ። እቲ መርመራ ብናይ ደም መርመራ እዩ ዝግበር። እቲ ደም መርመራ በቲ ቫዝይረስ ተጠቂዕኩም እንተ ኔርኩም ንኽንፍለጥ ይሕግዝ።

እዚ እንተኮይኑ ፣ ሓሚምካ እንተኾይንካ ንምፍላጥ ተወሳኺ መርመራታት ክትገብር ከድልየካ እዩ። እዞም መርመራታት ኣቀንዘውቲ ኣይኮኑን።



ሎሚ ብዙሕ ጎዳኢ ሳዕቤናት ዘይቡኑ ኣዝዩ ውጺእታዊ መድሃኒት ኣሎ ፣ እዚ መድሃኒት ካብ 2ተ ክሳብ 3ተ ወርሒ ይዉሰድ። ናይ ምሕዋይ ዕድልካ ንምዕባይ መዓልታዊ ብዘይ ሙቁራጽ ኣብ ሓደ ሰዓት ክዉሰድ ይጋባእ ።

ዋላ ሓሸሸ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ዋላ እውን እንዳተጠቀምኩም ክትፍወሱ ትኽእሉ ኢኹም።




**ሓንቲ ግዜ ምስ ሓወና ፣ እውን ክንልከፍ ንኽእል ኢና ስለዚ ተጠንቀቁ ንሓኪም ወይ ነርስ ተወከሱ መርመራ ክትገብሩ ኣብ ሕጽር ዝበለ ግዘታት ።**

Projet réalisé avec le soutien
du Fonds Dr. Daniël De Conink,
géré par la Fondation Roi Baudouin
© 2024- Tous droits de reproduction réservés The InkLink et I.Care/C. Fourcade
Ce flyer peut être téléchargé ici : https://www.i-careasbl.be/outils-vhc